ኣብ ጎደናታት ኣስመራ ተኣኪበን ዝተማህለላ ኤርትራውያን ኣዴታት ብሓይልታት ጸጥታ ህግደፍ ተኣሲረን።

Wednesday, 29 October 2008

ኣብ ቤተ ክርስትያን ኣብ ጸሎት ኣርፊደን፣ ቀጺለን ኣብ ጎደናታት ኣስመራ ዳርጋ ሰላማዊ ሰልፊ ኣንጻር ስርዓት ህግደፍ ዝመስል ምህለላ ዘካይዳ ዝነበራ ቁጽረን ብ ገምገም 40 ኣቢሉ ይኸውን ኤርትራውያን ኣዴታት ቅድሚ ትማሊ 27 ጥቅምቲ ብ ኣባላት ጸጥጥታ ህግደፍ ተገፊፈን ድሕሪ ምውሳደን ኣብ ዝተፈላለየ ኣብያተ ማእሰርቲ ኣስመራ ተኣሲረን ከምዘለዋ ምንጭታት ሓቢሮም።

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ብተመሳሳሊ መንገዲ፣ ካብ ኣስመራ ተበጊሰን ዓዲ ዓዲ እናዞራ “ምሕረት ኣውርደልና” እናበላ ናብ ኣምላኽ ጸሎትን ምህለላን ዘብጽሓ ዝነበራ ልዕሊ 20 ኣዴታት ኣብ ቤትማእሰርቲ ዓዲ-ኳላ ተኣሲረን ከምዘለዋ ‘ውን ኣቐዲምና ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የመልክት።

ህዝቢ ኣስመራ ኣብዚ እዋን እዚ ካብ ዝኾነ ይኹን ጊዜ ንላዕሊ ኣብ ፍርሕን ሻቅሎትን ራዕድን ከም ዝርከብ እቲ ዝተረኽበ ሓበሬታ ይገንዝብ።

ከም ኣገላልጻ ተቐማጦ ኣስመራ እዚ ህልው ቁጠባውን ፖለቲካውን ማሕበራን ዕንወት ናበይ ገጹ ይኸይድ ከም ዘሎ ንኽትግምቶ ፍጹም ኣጸጋሚ ኮይኑ፣ ህዝቢ ዝሕዞን ዝጭብጦን ጠፊእዎ ኣሎ።

እዚ ኣንጸላልዩ ዘሎ ሓደጋ ካብ’ቲ ኣብ 1990 ዓ.ም ነታ ከተማ ኣንጸላልዩዋ ዝነበረ ከቢድ ኩነታት እንተዘይገዲዱ ፈጺሙ ከም ዘይፍለይ ከኣ ምረቶም ይገልጹ ኣለዉ።

asenai.com